ዜናዊ ሓተታ፡-

## እንታይ'ዩ ጸገሙ?!!!

### ቤት ጽሕፈት ዜና
### ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
### 26.01.2006

38 ሃገራት እተሳተፍአ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ካብ 23-24 ጥሪ 2005 ኣብ ካርቱም ተኻይዱ። ፕረሲደንት ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብዚ ኣኼባዚ ካብ ዘይተሳተፉ መራሕቲ ምኳኑ ይፍለጥ። ቅድሚ ሕጂ ውን፡ ኣብ ኣቡጃ፡ ናይጀርያ ኣብ እተኻየደ 3ይ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ፡ ኢሳያስ፡ እቲ ኣኼባ ንኽጅምር ሓደ መዓልቲ ምስ ተረፎ ናብ ሃገሩ ከምእተመልሰ ይዝከር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኤርትራ ሓንቲ ካብ'ተን መቀጉነና ዘይከፈላ 15 ሃገራት ሕብረት ኣፍሪቃ ኢያ። እዘን ሃገራት እዚኣተን፡ ዘይተኸፍለ ዕዳ ስለዘለወን፡ ኣብ ኣኼባታት ናይቲ ሕብረት ድምጺ ክህባ ኣይፍቀደለንን ኢዩ።

ኤርትራ፡ ብፍላይ ኣብ'ዚ ኣብ ካርቱም እተኻየደ 4ይ ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ ክትሳተፍ ኢያ ዝብል ትጽቢት ነይሩ ኢዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ብዓብደላ ጃብር ዝመራሕ ልኡኽ ኤርትራ ብ10 ጥቕምቲ 2005 ኣብ ሱዳን ዑደት ድሕሪ ምክያዱን ስምምዓት ድሕሪ ምኽታሙን፡ ስዒቡ ዝመጸ ዑደታት ናይ ክልቲኦም መንግስታት፡ ዝምድናታት ናይ ክልቲኡ ሃገራት ክመሓየሽ ኢዩ ዝብል እምነት ኣሕዲሩ ነይሩ'ዩ። ብወገን ሱዳን ብላም ኣኮል፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳንን፤ ብቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት ሪፑብሊካዊት ሱዳን፡ ሲልቫ ኬርን፡ ዝተመርሐ ክልተ ልኡኻት፤ ከምኡ ውን፡ ኣማኻሪ ፕረሲደንት ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ኣልበሺር፡ ቓዚ ስልሓዲን፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ናብ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ንምስታፍ ዝዕድም ፍሉይ ካብ መራሕ መንግስቲ ሱዳን እተላእከ ደብዳቤ ሒዙ ናብ ኣስመራ ምብጽሑም ዝፍለጥ ኢዩ። ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ድሕሪዚ ናይ ቓዚ ስለሓዲን ብጽሖት ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝካየድ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ ንምስታፍ ዝኸውን ይኹን ዘጸግም ነገር ከምዘይብሉ ኣረጋጊጹ ነይሩ። ብወገን ኤርትራ ውን፡ የማነ ገብርኣብ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ናብ ሱዳን በጺሑ ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ። እዚ ኩይኑ ከብቅዕ፡ ፕረሲደንት ኢሳያስ፡ ኣብ'ዚ ናይ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣኼባ ክሳተፍ ዘይምኽኣሉ፡ ጸገሙ እንታይ ኢዩ ዝብል ሕቶ ክለዓል ግድነት ገይርዎ ኣሎ።

ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ንብይን ኮሚሽን ዶባት ኤርትራን ኣብ ግብሪ ንምውዓል ሓላፍነቶም ኣይተሰከሙን ካብ ዝብል እምነትን ኩራን ኢዩ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ዘይተሳተፈ ዝብሉ ገለገለ ተዓዘብቲ ኣለዉ። ገለ ካልኦት ከኣ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣብ ነብሱ ምትእምማን እናጥፍአ ይኸይድ ስለዘሎ ኢዩ ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ዘይተሳተፈ ይብሉ። ሓቅነት ናይ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ንምርግጋጽ ዘምጽእዎ ምኽንያታት ድማ፡ ናብ ወጻኢ ሃገራት ዝገብሮ ዝነበረ ዑደታትን ኣብ ኣህጉራዊ መጋባእያታት ዝነበሮ ተሳታፍነትን ኣዝዩ ነክዩ ከምዘሎ ኢዮም ዝጠቕሱ። ዋላ እተን ናብ ሊብያ ዝገበረን ዑደታት ውን እንተኾና፡ ካብ ምጽዋዕ ተበጊሱ፡ ናብ ምጽዋዕ ኢዩ ተመሊሱ ይብሉ። ብኣንጻሩ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ናብ ናይ ሕርሻ ፕሮጀክትታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታትን ዝገብሮም ብጽሖታት ከምዝዛየዱ ድማ ይእምቱ። ገለ ካልኦት ድማ፡

እቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ሱዳንን ኣብ መንጎ'ቶም ብኤርትራ ዝድገፉ ናይ ምብራቕ ሱዳን ተቓወምቲ ውድባት፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ሃሞሽከረብ እተባህለ ቦታ እተኻየደ ውግእ እናጠቐሱ፡ ስርዓት ኤርትራ ከም ኣመሉ ንመንግስቲ ሱዳን ንምድህላል ደኣምበር፡ ዝምድናታት ንምምሕያሽ ብልቡ ኣሚንሉ ኣይኮነን ዝብሉ ኣለዉ።

እቲ ኣብ መንጎ ሱዳንን ጫድን ተፈጢሩ ዘሎ ወጥሪ ውን ከም ምኽንያት ዘቕርብዎ ኣይተሳእኑን። ጫድ ካብቲ ምስ ሱዳን ዘለዋ ግርጭታት ተበጊሳ፡ ሱዳን ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣቦ መንበርነት ክውሃባ የብሉን ዝብል ተቓውሞታት ተካይድ ምህላዋ ዝፍለጥ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ብሓደ ሸነኽ፡ ነቲ ምስ ጫድ ዝጸንሖ ዝምድና ከይኸስር፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ምስ ሱዳን ጀሚርዎ ዝጸንሐ ምምሕያሽ ናይ ዝምድናታት ከይበላሸዎ ብምሕሳብ ኢዩ ኣብ 4ይ ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ ዘይተሳተፈ ዝብል ውሑድ ድምጽታት ውን ክስማዕ ቀንዩ ኣሎ።

ኤርትራ፡ ኣብ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ መራሕቲ ኣፍሪቃ ዘይተሳተፈትሉ ምኽንያት፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምኽንያታት ብምሉኡ ወይ ብከፊሉ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ ክስገር ዘይከኣል ሓደ ሓቂ ግን፡ ናይ ስርዓት ኣስመራ ዲፕሎማስያዊ ፖሊሲታት መኣዝኑ ስሒቱ ከምዘሎ ኢዩ። ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ ተነጽሎ ክትወጽእ ዘይምኽኣላ ፍሽለት ናይ'ቲ ስርዓት ዘምልክት ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሓደጋ ናይ ጥሜትን ድርቕን ድኽነትን ውግእን ተሳጢሑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን፡ ስርዓት ኤርትራ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ምስ ሕቡራት ሃገራት፡ ምስ ኣውሮጳዊ ሕብረት፡ ምስ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ምስ ኣመሪካ፡ ምስ ኮፊ ዓናን፡ ምስ ሰብኣውያን ማሕበራት ...ወዘተ ክዋጠጥን፤ ወግሐ ጸብሐ፡ ሓደስቲ ጸላእቲ እናፈጥረ፡ ንገዛእ ርእሱን ንኤርትራ ካብ ፈትወታ ክንጽላን ኢዩ ዝርአ ዘሎ። እቲ ስርዓት፡ ካብቲ ዝነብረሉ ዘሎ ናይ ተነጽሎ ሃለዋት ክወጽእ ኣብ ክንዲ ዝሓስብ፡ ጥዑም ግዲ ጢዕምዎ ኰይኑ፡ ክውስኽሉ እምበር ክንክየሉ ኣይተራእየን።

ናይ ወጻኢ ይኹን ናይ ውሽጢ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ብዝፍለጡን ተቐባልነት ብዘለዎምን ሕግታትን ቻርተራትን ጠባያትን ዘይኮነስ፡ ብጽልእን ህልኽን ቂምን ትዕቢትን ድርቅናን ዝግዛእ ምዃኑ ኣብ ዝሓለፉ 14 ዓመታት ናይ ናጽነት ዓመታት ተረጋጊጹ ኢዩ። መጻኢ ዕድል ናይ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ'ዚ ስርዓት'ዚ እውን ንዝኸፍአ ኵነታት ምቅላዕ እንተዘይኰይኑ፡ ናብ ዝሓሸ ከምርሕ ኢዩ ኢልካ ምሕሳብ ዘይከኣል ኢዩ። ስለዚ፡ ነዚ ኵነታት'ዚ ንምቕያር ህዝብን ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪካዊ ማሕበራትን ናይ ኤርትራ ናይ ዜናን ሓበሬታን መርበባትን ሓቢሮም ክጽዕሩ ይግባእ።